መዋእለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ንባብ: ትምህርቲ ኣብ ገዛ

## ምስ ደቅኻ/ውላድካ ምንባብ ኣገዳሲ'ዩ!

ደቅኻ ኣገዳሲ ክእለታት ንባብ ብንእስነቶም ዘማዕብሉ ብመንገዲ ጸወታን ብዙሕ ርኽክብ ብምግባርን'ዩ። ደቅኻ ዝተፈላለዩ መጻሕፍቲን ግጥምታትን መዛሙራት መዋእለ ህጻናትን ክድህሰሱ ኣተባብዓዮምን ካልኦት ኣባላት ቤተሰብን ኣዕሩኽን'ውን ምስ ደቅኻ ከንብቡ ኣተባብዓዮም።

ንባብ ንደቅኻ ዛንታታት መበገሲ: ማእከልን መወዳእታን ከምዘለዎም የርእዮም: ድምጽታትን መስርዓትን ኣብ ቃላት ክርድእዎ መታን ክሕግዞም'ዩ።
ደቅኻ ብመንገዲ ቤት ትምህርቲ እናተማህሩን እናማዕበሉን ክኸዱ እንከለው ናይ ምምሃርን ማሕበራዊ ክእለታት: ከምኡ'ውን ውልቃዊ ክእለታትን ምርድዳእን ኣብዚኦም ክእለታት ይምርኮሱ።

ኣንባባይ ምኳን ግዜ ይወስድ'ዩ። መዓልታዊ ምስ ደቅካ ብሓባር ምዕላልን መጻሕፍቲ ምድህሳስን ፍቕሪ ምንባብ ከማዕብሉ ክሕግዞም'ዩ።

### ኣነ እንታይ ክገብር ይኽእል?

ደቅኻ ርእሰ ተኣማንነት ዘለዎም ኣንበብቲ ቅድሚ ምኳኖም ብዙሓት ብንኡሶም ከማዕብልዎ ዘድልዮም ክእለታት ንባብ ኣለው። እዚኦም ከአ ክእለታት ምንባብን ምስማዕን: ብዛዕባ ድምጽታትን ቃላትን ምፍላጥን መጻሕፍቲ ብሓባር ምክፋልን የጠቓልሉ።

ደቅኻ ብመንገዲ ጸወታ ብዙሕ ይመሃሩ። ጸወታ ክበሃል ከሎ ዳህሰሳ ምክያድ: ሓድሽ ነገር ምርካብ: መሲልካ ምውሳእ: ኣብ ኣእምሮ ሓሳብ ምቕራጽ: ምህናጽ: ምስራሕን ምግባርን/ምንጣፍን የጠቓልል።

ነዚኦም ፈትን:

- ምስ ደቅኻ ክትዘራረብ ግዜ ፍለ: እንታይ ይብሉኻ ከአ ጽን ኢልካ ስምዓዮም:
- ተዋስኦ: ዳማን መሰል ጸወታታት ጣውላን: ናይ መጀመርያ ፊደል ርኢኻ ስም ምግማት (ኣይ ስፓይ)ን ካልኦት ጸወታታት ካርድን ዝኣመሰሉ ብሓባር ተጻወቱ
- ከም ናብ መካነ እንስሳታት ምኻድ: ናብ መናፈሻ ምኻድ: ምምልካት ሓባሪ ምልክታት: ዝርዝር ዝሽመቱ ነገራት ብሓንሳብ ምድላውን ቃላትን ስእልታትን ቆሪጽካ ምውጻእን ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ብሓባር ኣካይዱ:

### ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቤት ንባብ ተጠቐም

ቤተ ንባባት ምስ ሰፊሕ ዝርጋሐ ዘለዎም መጻሕፍቲ: ሲዲታት: ዲቪዲታት: መጋዚናትን መዘናግዒ መጽሄታትን: ንመንእሰያት ኣንበብቲ ብርቃዊ ሕዛእቶም'ዮም። ምብጻሕ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቤት ንባብ ነዞም ዝስዕቡ ረብሓታት ንምርካብ ዓቢ መንገዲ'ዩ:

- ክብሪ መጻሕፍትን ንባብን ምስ ደቅኻ ንምክፋል።
- ኣብ ቀጻልን ልሙድን ንጥፈታት ንባብ ንብምሉእ እታ ስድራ ንምስታፍ።
- ደቅኻ ዝፈትውዎም ደረስትን ሰኣልትን ደሊኻ ንምርካብ።
- ከም ኮምፒተር ዝኣመሰሉ ኣብ ገዛ ክርከቡ ዘይከኣሉ መሳለጥያታት ንምጥቃም።
- ኣብ በዓላዊ ንጥፈታት ንምጽንባር።

> ናይ ንባብ መጻሕፍቲ
> ***Hairy Maclary and friends*** ብሊንሊ ዶድ
> ***Owl babies*** ብማርቲን ዋደል
> ***Who sank the boat?*** ብፓመላ ኣለን
> ***Meerkat mail*** ብኤሚሊ ግራቬት
> ***Wombat goes walkabout*** ብማይክል ሞርፑርጎ

Department of Education

ዝያዳ ጽሑፋት
ብዛዕባ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ኣብ
**education.wa.edu.au ክትረኽቡ ኢኹም።**

© Department of Education, Western Australia, 2015
CC BY